# ሓገዝን ደገፍን

ንስኺ ወይ ጓልኪ ግዳያት ምኽንሻብ ወይ ግዳያት መርዓ ትሕቲ-ዕደመን ግዱድ-መርዓን እንተኾንክን፣ ወይ እውን ነዚ ሓደጋ ዝተቃላዕክን እንተኾንክን፣ ሓገዝ ክትሓታ ትኽእላ ኢኽን። ከምኡውን ካልእ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓደጋ ዘላ ጓልኣንስተይቲ ትፈልጣ እንተ ኼንክን፣ ሓገዝ ሕተታ።

ስምኪ ክዕቀበልኪ እንተደሊኺ፡ ናብ Violences Femmes Info ዝብሃል ናይ ሓገዝ መስመር ደውሊ።

**Violences Femmes Info helpline**

**3919**

እዚ መስመር እዚ ኻብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 10 ድ.ቀ. ክፉት እዩ። ኣብ ቀዳመ ሰንበትን በዓላትን ከኣ፣ ካብ ሰዓት 9 ቅ.ቀ. ክሳዕ ሰዓት 6 ድ.ቀ. ክፉት እዩ።

ትሕቲ ዕድመ እንተኾንኪ፣ ብኽብረትኪ ናብ Allô enfance en danger ደውሊ.

**Allô enfance en danger**

**119**

ናብ'ዚ ናይ ሓገዝ መስመር ንምድዋል ናጻ እዩ፡ ከምኡ ድማ ን24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ይሰርሕ።

ምኽሪ ክተረኽቢ እንተ ደሊኺ፡ ንFemmes Entraide et Autonomie ንኽትውከሲ ብትሕትና ንሕብር፣

**Femmes Entraide et Autonomie**

**00 33 7 80 86 87 53**

ብምኽንያት ምኽንሻብን ከምኡ'ውን መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ግዱድ-መርዓን፣ ዑቕባ ናይ ምርካብ ተኽእሎታት ኣሎ። ብሰንኪ ምኽንሻብ ወይ'ውን መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ግዱድ-መርዓን፣ ካብ ሃገርኪ ተሰዲድኪ እንተ ኣሎኺ፡ ኣብ መስርሕ ምሕታት ዕቑባ ሓገዝ ንምርካብ ንቤ/ጽሕፈት ምክልኻል ስደተኛታትን ሃገር ኣልቦ ሰባት፣ ፈረንሳ፣ ርኸብዮም።

**French Office for the Protection of Refugees and Stateless Persons (OFPRA)**

**01 58 68 10 10**

ማእከላት ምኽሪ፣ ሓገዝ ስለዝህባ፣ ሓገዝን ደገፍን እንተደሊኺ ንምሕታት ድሕር ኣይትበሊ!

# ዝርዝር ሓበሬታ፣

**Femmes Entraide et Autonomie (FEA)** እዚ ትካል ኣብ ፈረንሳ ዝመደበሩ ዘይመኽሰባዊ ትካል እዩ። እዚ ትካል፣ ኣብ ምጥፉእ ሃሰይቲ ልምድታትን ከምኡውን ኣብ ምብራኽ ኣፍልጦ ብዛዕባ መሰላት: ኣገልግሎታት እንኮላይ ጥዕና፣ ናይ ደቂኣንስትዮን መንእሰያትን ስደተኛታት፣ ይሰርሕ። ንጥፈታት FEA ኣብ፣ ምስትእንጋድ ኣጋይሽ፡ሓበሬታ ኣብ ምሃብን ምልላይን፡ ምዕባይ ግንዛበን ከምኡ'ውን ምሃብ ስልጠናን ዘድሃበ ኢዩ።

13 Rue de l´Ourcq
75019 Paris

00 33 7 80 86 87 53

fea.association@gmail.com

www.facebook.com/FEA

**LESSAN e.V.** ንመኽሰብ ዘይተዳራጀወ ትካል ኮይኑ፣ ናይ ስደት ድሕረ ባይታ ንዘለዎም ሰባት፣ ብመንገዲ ስግረ-ባህላዊ ፕሮጀክትታት፣ ማሕበራውን ሞያውን ውህደት ንምዕባይ ይሰርሕ። ቀንዲ ኣትኩሮ LESSAN ብዛዕባ፣ ምኽንሻብ ደቂኣንስትዮ፡ ዓመጽ ደቂኣንስትዮ ከምኡ ድማ ብዛዕባ ዓሌታውነትን ኣድልዎን፣ ስልጠናታት ምሃብን ግንዛበ ምዕባይን እዩ። LESSAN e.V. ብተወሳኺ ውልቃዊ ሓገዝ ይህብ።

Adenauerallee 10
20097 Hamburg

0176-39 45 19 44

info@lessan.eu

www.lessan.eu

TERRE DES FEMMES
Menschenrechte für die Frau e.V.

**TERRE DES FEMMES – Menschenrechte für die Frau e.V.** ንመሰል ደቀኣንስትዮ ንምቅላስ ኢሉ ዝቖመ፣ ዘይመኽሰባዊ ትካል እዩ። ድምጺ ደቂኣንስትዮ ብምቅላሕን ህዝባዊ ዝርግሐ ብምስፋሕን፣ ዝተፈላለዩ ጎስጓሳት ብምግባርን ከምኡ'ውን ዓለምለኻዊ መርበባት ብምዝርጋሕ ደገፉቱ የበርክት። እዚ ትካል፣ ውልቃዊ ሓገዛት እንዳሃበ፣ ውልቃዊ ፕሮጀክትታት ብምስጓምን ንደቂኣንስትዮ ይድግፍ። ናይ'ዚ ትካል (TDF) ቀንዲ ኣርእስቲ ድማ፣ ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ፣ መርዓ ትሕቲ ዕድመ፣ ግዱድ መርዓ፡ ክብሪ ቤተሰብ ንኸይድፈር ተባሂሉ ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ዝፍጸም ገበናት፡ ምስግጋር ደቂኣንስትዮ፣ ምንዝርና፣ ከምኡ'ውን ዘቤታውን ጾታውን ዓመጻት፣ እዮም።

Brunnenstraße 128
13355 Berlin

030 - 40 50 46 99 0

info@frauenrechte.de

www.frauenrechte.de

እዚ ሕታም እዚ፣ ብናይ ሕብረት ኤውሮጳ Justice Programme and the Rights, Equality, and Citizen Programme ብዝገበሮ ናይ ገንዘብ ድጋፍ እዩ ወጺኡ። ትሕዝቶ ናይዚ ሕተመት እዚ ውልቃዊ ሓላፍነት ናይ ጸሓፍቱ እዩ፡ ንርእይቶ ኮሚሽን ኤውሮጳ ድማ ኣየንጸባርቕን። ጸሓፍቲ እዚ ሕታም፡ ኣባላት ፕሮጀክት፣ "ንጾታዊ ማዕርነት ደው ዝበሉ ደቂተባዕትዮ- MEN STANDING UP FOR GENDER EQUALITY-" እዮም።

# ምኽንሻብ ጓልኣንስተይትን፡ መርዓ-ትሕቲ ዕድመን፡ ግዱድ-መርዓን ደው ንምባል ንተሓጋገዝ!



# ብሂላትን ሓቅታትን ብዛዕባ፣

## ምኽንሻብ ጓልኣንስተይትን

“ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ ሃይማኖታዊ ግዴታ እዩ።”

ዝኾነ ሃይማኖታዊ ደገፍ ከም ዘለዎ ዋላ ሓንቲ መርትዖ የልቦን። ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ፡ ቅድሚ ኩለን ነባራት ጥንታውያን ሃይማኖታት ኣቐዲሙ ዝነበረ ባህላዊ ልምዲ እዩ።

“ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ፡ ፍርያምነት ይውስኽ እዩ።”

ምኽንሻብ፣ ንፍርያምነት ጓልኣንስተይቲ ኣይውስኾን እዩ። ብኣንጻሩ፣ መብዝሕትኡ ግዜ፣ ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ፣ ኣብ ግዜ ጥንስን ሕርስን ጸገማት የስዕብ። ከምኡ’ውን ሞት ዕሸል ወይ’ውን ኣደ ከኸትል ይኽእል።

“ናይ ባህልና ልምድታትን ወግዕታትን ከነኽብር ኣሎና”

ብዙሓት ባህላዊ ልምድታት ንድሕነትን ጥዕናን ደቀንስትዮ ዝጠቅም ነገር ኣለዎም። ምኽንሻብ ግና፣ ኣብ ጥዕና ደቂኣንስትዮ ዋላ ሓንቲ ረብሓ የብሉን። ብኣንጻሩ ክቐልበስ/ክምለስ ዘይክእል ሓደገኛ ሳዕቤትናት ኣለዎ።

## መርዓ ትሕቲ-ዕድመን፡ ግዱድ-መርዓን

“ንጓለይ እንተ ኣመርዕየያ ካብ ጾታዊ በደላት ክከላኸለላ እየ።”

መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ከምኡ’ውን ግዱድ-መርዓ፣ ንንኣሽቱ ኣዋልድን ጎራዙን፣ ንዓመጽ መጻምድን: ንዘቤታዊ ዓመጽን: ከምኡ’ውን ንጾታዊ ዓመጽ ዝተቓልዓ ይገብረን።

“ሓዳር ናይ ስድራ ቤት ጉዳይ ስለ ዝኾነ: ኢደይ ከእትው የብለይን።”

መርዓ-ትሕቲ ዕድመ ከምኡ’ውን ግዱድ-መርዓ፣ ንደቂ ኣንስትዮ ካብ ትምህርትን ቁጠባዊ ዕድላትን ይዕንቅጾን፣ ከምኡ ድማ ጥዕነአንን ድሕነተንን ኣብ ሓደጋ የእትው። ግዳይ መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ወይ’ውን ግዱድ-መርዓ ዝኾነት ጓልኣንስተይቲ ትፈልጥ እንተ ኺንካ፣ ኣገልግሎታት ደገፍ ናብ እትረኽበሉ ኽትመርሓ ትኽእል ኢኻ።

“ዘይተመርዓዋ ንኣሽቱ ኣዋልድን ደቂ ኣንስትዮን ዋጋ የብለንን”

ክብረት ጓልኣንስተየቲ ኣብ ኩነተ-መርዓኣ ኣይምርኮስን እዩ። ነፍሲ ወከፍ ጓልኣንስተይቲ ንመን ከም እትምርዖን ከምኡ’ውን ናይ ምምርዓው ድሌታ ንኽትውስን መሰል ከህልዋ ኣለዎ።

ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ ከምኡ እውን መርዓ ትሕቲ-ዕድመን፣ ግዱድ-መርዓን ኣብ ጾታ እተመስረተ ዓመጽ ስለ ዝኾነ: መሰረት መሕተቲ ዕቑባ ንምኳን ተኽእሎታት ኣለዎ።

ብዙሓት እተኸንሸባ ደቂ ኣንስትዮ፣ ብመርዓ ትሕቲ-ዕድመ ከምኡ’ውን ብግዱድ-መርዓ፣ ዝተጸልዋን ዝተቓልዓን እየን።

# ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ እንታይ እዩ?

ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ፣ ንገለ ደጋዊ ክፋል ርሕሚ ናይ ሓንቲ ጓልኣንስተይቲ፣ ብዘይዝኾነ ሕክምናውን ጥዕናውን ምኽንያታት/ረብሓታት፣ ብምጒዳልን ብምቅያርን ዝግበር ልምዲ ኢዩ።

ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ ብካልእ ቋንቋታት ብዝተፈላለየ ኣስማት ከም፣ sunnah, khatna, niaka, tahur, megrez, khatnaurcion ከምኡ’ውን khitan ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ።




## ሳዕቤናት ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ

ምኽንሻብ ኣብ ልዕሊ ንኣሽቱን ዓበይትን ደቂኣንስትዮን ከቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሃስያ የስዕብ፣ እዚ ድማ፡-

- ቀጻሊ ቃንዛ
- መኻንነት ከስዕብ ዝኽእል ተደጋጋሚ ረኽሲ
- ብዙሕ መድመይቲ፡ ገዚፍ ኣካላዊ በሰላ: ምምዓግ ማይ / ሙጉሊ/
- ጸገማት ወርሓዊ ጽግያት
- ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን ናብ ሞት ዕሸል ወይ ኣደ ክመርሕ ዝኽእል ምትሕልላኻት
- ወሲባዊ ጸገማት (ጸገማት ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ)
- ጸገማት ምቁጽጻር ሽንቲ
- ውጥረትን፣ ጭንቀትን ሕማቕ ተዘክሮታትን ከምኡ’ውን ርእሰ ምትሓት

## ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ ብመንጽር ሕጊ

ምኽንሻብ ርሕሚ ጓልኣንስተይቲ፣ ኣብ ልዕሊ እኹላት ደቀንስትዮን ናኣሽቱ ኣዋልድን፣ ከቢድ በደልን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰልን እዩ። ኣብ ኤውሮጳን ካልኦት ዝተፈላለያ ሃገራትን፣ ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ፣ ዘይሕጋዊ ተግባር እዩ። ውላድካ ምእንቲ ክትክንሸብ ናብ ወጻኢ ሃገር ብምስዳድ ኮነ ነዚ ተግባር ብዝኾነ መንገዲ ምትሕግጋዝ እውን ዘይሕጋዊ ተግባር እዩ። በዚ ገበነኛ ኮይኑ ዝተረኽበ ዝኾነ ሰብ ንብዙሕ ዓመታት ክእሰር ወይ ከኣ ብገንዘባዊ መቕጻዕቲ ክቕጻዕ ይኽእል።

ኣብ ሕብረት ኤውሮፓ፡ ኩሉ ዓይነት ምኽንሻብ ጓልኣንስተይቲ ዘይሕጋዊ ተግባር እዩ። ተግበርቱ ከኣ ብሕጊ ተሓተቲ እዮም።

# መርዓ ትሕቲ-ዕድመን፣ ግዱድ-መርዓን?

መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ማለት፣ ዝኾነ ሕጋዊ ወይ ድማ ዘይወግዓዊ ምጽማድ ናይ ክልተ ሰባት ኮይኑ፣ ሓደ ካብ መጻምድቲ ወይ ክልቲኦም፣ ትሕቲ 18 ዓመት ምስዝኾኑ እዩ። መርዓ ትሕቲ ዕድመ፣ ኣብ ንኣሽቱ ደቂኣንስትዮ ብዝያዳ ይርአ።

ግዱድ-መርዓ ማለት፣ ሓዲኦም ወይ ክልቲኦም ካብ መጻምዲ፣ ብዘይምሉእ ድሌቶም ወይ ብዘይፍታዎም፣ ማለት፣ ብጸቕጥን ምፍርራህን ሓይልን ከም ኡውን ዓመጽን ንመርዓ ክሰማምዑ ምግባር ማለት እዩ። መርዓ ትሕቲ-ዕድመ፣ ኩሉግዜ ብምስግዳድ ዝፍጸም መርዓ እዩ።




## ሳዕቤናት መርዓ ትሕቲ ዕድመን፣ ግዱድ መርዓን

ገለ ኻብቲ ሃሳዪ ማሕበራውን ጥዕናውን ሳዕቤናት ናይ መርዓ ትሕቲ-ዕድመን፣ ግዱድ-መርዓን ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፡-

- ማሕበራዊ ተነጽሎ
- ዘቤታዊ ዓመጽ፡ ዓሚቕ ኣእሙራዊ ስንባድ
- መብዛሕትኡ ግዜ፣ ካብ ቤት-ትምህርቲ ምብኳር ከም ልሙድ ተርእዮ የጋጥም፣ እዚ ከኣ ናብ ስእነት ትምህርትን: ጥዕናን: መጻኢ ዕድላትን ይመርሕ፣ ከምሳዕቤኑ ድማ ከቢድ ድኽነት የኸትል
- ኣብ ግዜ ሕርስን ጥንስን ክሳብ ሞት ዘብጽሕ ምትሕልላኻት
- ሓደጋ መልከፍቲ፣ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት (ንኤች.ኣይ.ቪ. ዘጠቓልለ)

## መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ከምኡ’ውን ግዱድ-መርዓ፣ ብመንጽር ሕጊ

መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ግዱድ-መርዓን፣ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኮይኑ፣ ብዓለም ለኻዊ ሕጊ ድማ ፍጹም ዝተኸልከለ እዩ። መብዛሕትአን ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፣ ጀርመንን ፈረንሳን ሓዊስካ፣ መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ከልኪለን እየን። ኣብ ገለ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፣ ንጀርመን ሓዊስካ፣ ብምግዳድ ዝግበር መርዓ፣ ፍሉይ ገበን እዩ። ኣብ ወጻኢ ሃገር እተፈጸመ ናይ ትሕቲ-ዕድመ መርዓ ቅቡል ኣይከውንን፣ ናይ ምስራዙ ተኽእሎ’ውን ኣሎ።

መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ከምኡ’ውን ግዱድ-መርዓ፣ ንጥዕናን ንህይወትን ንመጻኢ ዕድልን፣ ደቂኣንስትዮ ኣስጋኢ ኢዩ።